# ሳላ ንልምዓት ዝማእረሩ



ጕረባብትና ብጥሜት ክሕመሳ

ኤርትራ ማችነሪ ኪፈሳ
ከመይ ኪብል ሰብ ክሓትት

ይብሉ ካበይ ተረኪቡ እዚ ሰልዲ

ዘይቲ 'ኳ ዘይሸጥና ኑዳዲ

ሓየት እባ ተፈጢሩ ዝሓሊ ንዓዲ

ዘይኮነ ከም መራሕቲ ኣፍሪቃ

ዘየንጸባርቕ ሂወት ናይ ውልቂ

ዝበለ ኲሉ ንረብሓ ህዝቢ

ኣደራዕ ተሰኪሙ እልቢ

ክፍኣት ዕጥቆም ኣንጻሩ

ንውዕለኡ ዝጻረሩ

ካብ ቅዱስ ሕልሙ ከዘንብው

ብጉልባብ ጉቦ እናበልዑ

ንመንእሰያትና ምጥፋእ ዝዓጠቑ

ኣርኣዮም እንካም ጸሚቁ ጸማምቖ

ሓሶቶም ኣኽልሶም ኣቦ ተመሊሱ

ብሕሱር  ሓሶቶም ይሕመሱ

ጸባ ሰትየን ኣዴታት

ዓይኖም በሪሁ ኣቦታት

ጻማ ረኺቦም ሰማእታት

ሰማይ ዓሪጉ ለበወኦም ጻድቃናት

ንብላሽ ኣይሰከሉን ስንኩላን

ኣመስኪሩ መንግስቶም ኢሉ ኣይረሳዕናን

ንውሊቃዊ ረብሓ ኣየቖደምናን

እንታይ ኪብሉ እዮም ሸየጥቲ መረብቶም

ዶምዝ ተደላዲሉ ንዋርሳይ

መጎዓዝያ ኣትየን ንጊያሻይ

ቦጣት ኣትየን ዝዕድላ ነዳዲ

መጥፋእቲ ሓዊ ኣትየን ንድሕነት

እልቢ ማሽነሪ ንሃገራዊ ህንጻት

ሕጂ'ከ ኪኣልሙ ሓሶት

ሓሶቶም ዝቐያይሩ ሕብሪ ነፋሒቶ

ኣይቕሰኑ ተመሊሱ እዩ ሃገራዊ ሕቶ

ሳላ ህዝባዊ ግንባር ድኻማዊ ኣበርክቶ

ሳላ ህዝቢ ኤርትራ ብሓባር ዝመከተ

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታት

ዓወት ንሓፋሽ

ወልዳይ ተኸስተ ተድላ / ማንሃይምን ከባቢኡን ጀርመን